# ብዛዕባ እቶም ኮተቴ ውሉድካ ኣልኮላዊ መስተ ምስታዩም የተሓሳስበካ ድዩ፧

እዚ ፓምፍሌት ምስ ኣልኮል ዝተሓሓዝ ኮይኑ ዕላምኡ ንኮተቴ ውሉድካ ብኸመይ ክትሕግዝ ከምዘለካ ሓበሬታን ደገፍን ንምሃብ እዩ።

ኣልኮል ንሓንጎል ዝጎድእ መርዚ እዩ። ሓንጎል ክሳዕ ወዲ 25 ዓመት ዝኸውን ኣብ ምምዕባል ስለ ዝርከብ፡ ናይ መንእሰያት ሓንጎል ጽልዋ ንምሕዳር እተቓልዐ እዩ።

ኣልኮል ንኣካል መርዛም እዩ፡ ዝተፈላለየ ጉድኣትን ሕማማትን ድማ የስዕብ። ብዘይካዚ፡ ኣልኮላዊ መስተ ውን ዜስክር ጽልዋ ከምኡ'ውን ሰቲኻ ንትወስዶ ፍርዲ ይጸልዎ እዩ።

መንእሰያት ውን እንተ ኰኑ፡ ካብቲ ዘይሰትይዎ ግዜ ንላዕሊ ኺሰትዩ ኸለዉ ብዝለዓለ ደረጃ ጸገማት ከም ዘጋጥሞም ይገልጹ እዮም። እዞም ጸገማት እዚኦም ብመሳርዓት፡ ዓመጽ፡ ሓደጋታት፡ ዘይተደልየ ጾታዊ ርክብ፡ ብሰኽራን ምዝዋር ወይከኣ ምስ ሰኽራም መራሕ ማኪና ምዝዋር ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።




### ጭብጥታት

- ኣብ ሲስተምቦላጌት (Systembolaget)፡ ኣልኮል ንምግዛእ 20 ዓመት ክትመልእ ኣለካ።
- ኣብ ቤት መግቢ ኣልኮል ንኽትግልገል ወዲ 18 ዓመት ክትከውን ኣለካ።
- ኣብ ድኳናት፡ ካብ ማእከላይ-ሓይሊ ዘለዎ ቢራ ነቶም ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ጥራይ እዩ ዝሸየጥ።
- ንትሕቲ ዕድመ ኣልኮላዊ መስተ ዝሸይጥ ወይ ዝገዝእ ሰብ ብገንዘብ ክቕጻዕ ወይ ክእሰር ይኽእል።



Länsstyrelserna



# ከም ወላዲ መጠን እንታይ ክገብር ይኽእል፧


ብዝተኻእለካ መጠን ብዛዕባ መዓልታዊ ነገራት ክትዛረብ ፈትን። በዚ መንገዲ እዚ፡ ብዛዕባ ከም ኣልኮላዊ መስተ፡ ዕጹ-ፋርስ ወይ ስጋዊ ርክብ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ኣርእስትታት ምዝራብ ባህርያዊ ይኸውን። ሕቶታት ሕተት ከምኡ'ውን ስማዕ። ጥቡቕ ርክብ/ዝምድና ናይ ምክልኻል ጽልዋ ኣለዎ።

- ንጹር ኩን! ቈልዑ እንታይ ዓይነት ሕግታትን እንታይ ትጽቢት ከም ዝግበረሎምን ክፈልጡ ኣለዎም።
- ደገፍ ደሊኻ ንኻልኦት ወለዲ ኣዘራርቦም ነቲ ኹላትኩም ኣብ ግብሪ ኸተውዕሉዎ እትኽእሉ ሕግታት ድማ ተሰማምዑሉ።
- ንደቅኻ ኣልኮላዊ መስተ ኣይትገዛእ፡ ንኽሰትዩ ድማ ሕቶ ኣይተቕርበሎም።

## ንምፍላጥ ዘሐጉስ


ኩሎም መንእሰያት ኣልኮል ኣይሰትዩን እዮም። ብዙሓት መንእሰያት ምሉእ ብምሉእ ክርሕቁ ዝወሰኑ እዮም። መብዛሕትኦም እቶም ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ዝኣትዉ ዘለው፡ ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮም ዘይፈልጡ እዮም።

እቲ ወለዲ ኣልኮላዊ መስተ ብምቕራብ፡ ነቲ ምስ ኣልኮላዊ መስተ ዘለዎም ስሕበት ከም ዝንኪ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ዝብል ጽውጽዋይ እዩ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ብወለዶም ኣልኮላዊ መስተ ኽሰትዩ ዝቕረብሎም መንእሰያት፡ ካብቶም ካብ ወለዶም ኣልኮላዊ መስተ ዘይረኽቡ ንላዕሊ ኣልኮላዊ መስተ ከም ዝሰትዩ መጽናዕትታት ይሕብር እዩ። ብመሰረት መጽናዕትታት፡ መብዛሕትኦም መንእሰያት፡ ወለዲ ንደቆም ኣልኮላዊ መስተ ምዕዳግ ጌጋ ከም ዝኾነ ገይሮም እዮም ዝሓስቡ።



# ስታቲስቲክስ

**መጠን ዝምድና ኣብ 9ይ ክፍሊን ልዕሊኡን ዘለው ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ኣብዘን ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ እንተወሓደ ሓንሳብ ኣልኮል ዝሰተዩ፡**




*Skolelevers drogvanor [ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣጠቓቕማ ሓሸሽ]፡ CAN 2020*



**ሕቶ እንተ ሂልዩካ ወይ ሓገዝን ደገፍን እንተ ደሊኻ፡ ናብ መን ኢኻ ክትከይድ እትኽእል፧**

ምስቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ውላድካ ዝርከብ ኣገልግሎት ጥዕና ተማሃራይ፡ ኣብ ምምሕዳርካ ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ወይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክሊኒክ ሚኒ-ማርያ ተራኸብ እሞ ምስ እዚኣቶም ድማ ናይ ኣልኮልን ካልእ ሓሸሽን ጸገም ዘለዎም መንእሰያት ይርእዩ።

ተወሳኺ ኣንብብ፡-

Tonårsparlören

Alkoholhjälpen.se

Youmo.se

1177.se